ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ
ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም ቤተክርስትያን
ኣምስተልፈን- ኣምስተልላንድ
ሆላንድ።

St. Eritrean Orthodox Tewahdo
Medhanie Alem Kerk
Amstelveen-Amstelland Holland.

5 ግንቦት 2016 ግዕዝ
13 mei **2024**
**ደ/ሰ/መ/ኣ/ኣ2016-485**

በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ ኣሜን።

ጉዳይ፥ መዘከርታን ተወሳኺ ሓበሬታን፥

ናብ ዝኸበርኩም ኣባላት ደብረሰላም መድሓኔዓለም ኣምስተልፈን-ኣምስተልላንድ፥

መንፈሳዊ ሰኣምታና ተቐበሉ። ኣብ ህይወትኩም ምሉእ ጥዕና ኣብ ስርሓትኩም ከኣ ጽቡቕ ግስጋሰ እንዳ ተመነና እዚ ዝስዕብ መዘከርታን ተውሳኺ ሓበሬታን ዝሓዘ መልእኽቲ ንልእከልኩም ኣሎና፥

1- ኣብ ዓመታዊ ናይ ኣገልግሎት ሰንጠረዥ ተጠቒሱ ዘሎ ከም ዘመልክቶ፥ ዕለት 18-05-2024 ዓምፈ (ዝመጽእ ቀዳም 10 ግንቦት 2016 ግዕዝ) ኣብ ቤተክርስትያንና ኣገልግሎት የብልናን። Pinksteren ስለ ዝኾነ ዋናታት ቤተክርስትያን ክጥቀሙሉ ምኳኖም ከነዘኻኽረኩም ንፈቱ። ዝሓለፈ ቀዳም ኣስጊልና ንህዝቢ ኣብ ውሽጢ ቤተክርስትያን ዘይምዝኽኻርና ይቕሬታ።

2- ሰንበት ዕለት 19 ግንቦት 2024 ዓምፈ (ሰንበት 11 ግንቦት 2016 ግዕዝ) መንፈሳዊ ጉዕዞ ናብ ገዳም ኣሎ። ብጊዚኹም ኣብ ቤተክርስትያን ተረኸቡ። ካብ ቤተክርስትያንና ደ/ሰላም መ/ዓለም ሰዓት 8:00 ንጉሆ ንጉዕዞ (ብ ኣውቶቡስ) ከም ዝብገሱ፥ ኣዳለውቲ መደብ በዚ ኣጋጣሚ ሓበሬታ የመሓላልፉ ኣለዉ። እቲ ተመዝገቡ ዘይጠዓሞ ሰብ ኣቐዲሙ ከም ዘይከይድ ከፍልጥ ይግባእ።

3- ንሰንበት ዕለት 07-07-2024 ዓምፈ (ሰንበት 30 ሰነ 2016 ግዕዝ) ንሕጻውንቲ/መዘምራን ደቂ መድሓኔዓለም ኣብ ቤተክርስትያንና ዝዋሃብ ትምህርቲ የለን። እቲ ምኽንያት ከኣ ዋናታት ቤተክርስትያን ኣብ'ቲ መዓልቲ ስለ ዝጥቀሙሉ ኢዩ።

መተሓሳሰቢ፣
እቲ ኣብ ላዕሊ ብተባዕታዊ ጾታ ተጻሒፉ ዘሎ፥ ንክልቲኡ ጾታታት ዝምልከት ምዃኑ ብኽብሪ ከነፍልጥ ንደሊ።

ምስ መንፈሳዊ ሰላምታ

እግዚኣብሔር ኣምላኽና ሃገርና ኤርትራን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቅድስቲ ቤተክርስትያንናን ይባርኸልናን ይዓቅበልናን።



*ሰበኻ ጉባኤ ደ/ሰላም መ/ዓለም / Het Kerkelijk bestuur van Debreselam Medhanie Alem* Email: debreselammedhaniealem@gmail.com; Website: www.debreselam-medhaniealem.com
Amstelveenseweg-965, 1081JG Amsterdam Nederland